ottostadt magdeburg

## ሓበሬታታት ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ሃገር-ከተት ኮቪድ-19 ኣብ ክፍለ-ሃገር ሳኽሰን-ኣንሃልት (Sachsen-Anhalt) ከምኡ'ውን ማግደቡርግ (Magdeburg)

ሕጂ ኣብ ማግደቡርግ ኩሉ መዓልቲ ዝተፈላለዩ ሰባት ብሓድሽ ኮሮናቫይረስ ይልበዱ።

ምዝሓል ዝርጋሐ እቲ ቫይረስ ኣገዳስ እዩ፣ ንኣብነት ቤት-ትምህርትታትን መእለይታት ቆልዑትን ቀጺሎም መታን ክኽፈቱ ከምኡ'ውን እቲ ስርዓተ ጥዕና መታን ከይኸብዶ።

ንነብስኹምን ካልኦትን ካብቲ ቫይረስ ክትከላኸሉ ብኽብረትኩም ተሓጋገዙ።

ንሰባት ኣዝዩ ኣድላይ ጥራይ እንተኾይኑ ርኸብዎም ከምኡ'ውን ብጽሖታት ኣዝማድን ኣዕሩኽትን ኣጉድልዎ ኢኹም!

### ሓሚመ እንተዝስምዓኒ ወይ ርክብ ምስ ሓደ ዝተለበደ ሰብ እንተ ኔሩኒ እንታይ ክገብር፧

ንቡራት ምልክታት ንኮቪድ-19፥ ሰዓል፣ ክብ ዝበለ ዋዒ፣ ረስኒ፣ ጸገም ምስትንፋስ፣ ስእነት ህዋሳት ምሽታትን ምስትምቓርን፣ ሰዓል ኣፍንጫ፣ ቃንዛ ጎሮሮ፣ ቃንዛ ርእስን መሓውርን ወይ ሓፈሻዊ ድኻም

- ብዝቐልጠፈ ኣብ ገዛኹም ትረፉ፣
- ምስ ካልኦት ሰባት ኣይትራኸቡ፣ ናብ ስራሕ ወይ ናብ ቤት-ትምህርቲ ኣይትኺዱ
- ዘቤታዊ ሓኪምኩም ወይ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ደውሉ (ሆትላይን ቤትጽሕፈት ጥዕና፥ 0391/ 540 2000) ከምኡ'ውን ነቶም ትእዛዛት ተኸተሉ
- ኣስራሕኹም ወይ/ውን መእለዪ ቆልዑት/ቤት-ትምህርቲ ሓብሩ ኢኹም
- ንቡራት ምልክታት ኮቢድ-19 እንተለው፣ ብእዋን ኣብቲ ናይ ረስኒ ኣምቡላንስ ክትምርመሩ ትኽእሉ ኢኹም

### ምክያድ መርመራ ኮሮናን ውጽኢት መርመራን፥

- እቲ ምምርማር ኣብቲ ናይ ረስኒ ኣምቡላንስ ኣብ Brandenburger Straße 8, 39104 Magdeburg ክፍጸም ይኽእል።

  ምምርማር እንተላይ ኣብ ዘቤታዊ ሓኪም ይከኣል እዩ (ቅድም ምድዋል የድሊ)።
- ድሕሪ እቲ ምምርማር ሓደ ባር-ኮድ ዘለዎ ሰነድ ክትወሃቡ ኢኹም። እቲ ውጽኢት ባዕልኹም ኣብ ዝስዕብ ክትርእዩ https://patienteninfo.kvsa.de ትኽእሉ ኢኹም፣ እቲ ኣሃዛት ናይቲ ባር-ኮድ ከምኡ'ውን እቲ ዕለት ናይ መርመራኹም ብምእታውኩም።
- ውጽኢት ኣወንታዊ እዩ፥ ኣብ ገዛ ኣብ ኳራንተይን ትረፉ። ክሳብ ደብዳበ ካብ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ተጸበዩ ኢኹም። እቲ ኳራንተይን ንክንደይ ግዜ ከምተሰርዐ ኣብኡ ተጻሒፉ ይርከብ። ዝነበረኩም ርክብ ምስ ሰባት ናይ ዝሓለፉ 6 ክሳብ 7 መዓልትታት ብዝቐልጠፈ ሓብርዎም። ቀጥታዊ ርክብ ዝነበሮም ሰብ ብዝቐልጠፈ ኣብ ኳራንተይን ክኸዱ ኣለዎም።
- ሽሕ'ኳ ንኮሮና ንቡራት ዝኾኑ ምልክታት እናሃለውኩም ውጽኢት ኣሉታዊ እዩ። ብውሕዱ 5 መዓልትታት ኣብ ገዛኹም ትረፉ ኢኹም። ንሓኪምኩም ርኸብዎ፣ ብዛዕባ ቀጻሊ ኣከያይዳ መታን ክትዘራረቡ።
- ሽሕ'ኳ ርክብ ምስ ሓደ ዝተለበደ ሰብ እናነበረኩም እቲ ውጽኢት ኣሉታዊ እዩ። ቀጺልኩም ኣብ ኳራንተይን ትተርፉ። እቲ ኳራንተይን ካብቲ ርክብ ምስ ዝተለበደ ዝተገብረሉ 14 መዓልትታት እዩ ዝኸይድ። ደብዳበ ኳራንተይን ካብ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ክትወሃቡ ኢኹም።

  ኣይትረስዑ፥ እቲ ኳራንተይን ንምክልኻል ስድራኹም እዩ ዘገልግል፣ ነቶም ጎረባብቲ ከምኡ'ውን ንኩሎም ካልኦት ሰባት ኣብ ከባቢኹም ካብ ልበዳ ይከላኸል ከምኡ'ውን ዝርጋሐ ናይቲ ሕማም ክውግድ ኣለዎ። ብሕጊ ምክልኻል ልበዳ (IfSG) ኳራንተይን ግድነታዊ እዩ። ዘይምኽታል ኳራንተይን ዚቕጻዕ እዩ ከምኡ'ውን ብገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክስዓብ ይከኣል።

**ኣብ ኳራንተይን ዝስዕቡ ሕግታት ብቑዓት እዮም፥**

- **ካብቲ ገዛ/ኣፓርታማ ክውጻእ ኣይፍቐድን'ዩ!**
- ሕማቕ እንተዝስምዓኩም፣ ዘቤታዊ ሓኪምኩም ብተሌፎን ሓብሩ ኢኹም።
- ቀረባ ርክብ ምስ ሰባት ኣብ ነፍስወከፍ ገዛኹም ክትውግዱ ኣለኩም - ርሕቐት ግደፉ ከምኡ'ውን ሕጋጋት ጽሬት ተኸተልዎም ኢኹም።
- ግላዊ ርክብ ምስ ሰባት ካብ ወጻኢ ውልቃዊ ገዛ ዘይምግባር!
- ኣባላት ስድራ ወይ ኣዕሩኽቲ ኣብ ምሽማት ሓገዝ ሕተትዎም፣ ሽዑ ኣብ ቅድሚ መዓጾ ክብጻሕ ይከኣል። ነዚ ዋላ ምስ ሓገዝ ጐረባብቲ ኣብ ከተማ ማግደቡርግ ክትዛረቡ ትኽእሉ፥ https://soli-statt-hamster-md.de/

**ቀጻሊ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ፧**

www.magdeburg.de/CoronavirusCovid19

https://ms.sachsen-anhalt.de/themen/gesundheit/aktuell/coronavirus

https://www.bundesregierung.de/breg-de/themen/coronavirus/coronavirus-aktuelle-informationen

**ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዘለዎ ሓበሬታ፥**

https://www.magdeburg.de/Coronavirus-Covid-19/Mehrsprachige-Informationen/

https://www.integrationsbeauftragte.de/ib-de/amt-und-person/informationen-zum-coronavirus

https://www.bundesregierung.de/breg-de/themen/coronavirus/coronavirus-covid

https://integrationsbeauftragte.sachsen-anhalt.de/corona-news/

**ደገፍን ኣገልግሎት ምኽርን**

- **ጨንፈራት ምምካር ስደት**

https://www.magdeburg.de/media/custom/37_31676_1.PDF?1566316883

ንኣብነት፥

**AWO ክፍለ-ሃገራዊ ማሕበር Sachsen-Anhalt e.V.** (ጀርመንኛ፣ ዓረብኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፍራንስኛ)፥ migration.md@awo-sachsenanhalt.de፣ 0391/ 999 777 34 ወይ 0391/ 999 777 37

**ናይ ጀርመን ማሕበር ስድራ LV Sachsen-Anhalt e.V.** (Bürgerhaus(ቤት ዜጋታት) Kannenstieg) (ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፍራንስኛ፣ ኡክራይንኛ፣ ሩስኛ)፥ mbe@dfv-lsa.de፣ 0391/ 56 29 71 5

**ቤት ስድራ ማግደቡርግ gGmbH** (ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ዓረብኛ፣ ፐርስኛ)፥ mbe@familienhaus-magdeburg.de፣ 0391/ 99 0000 99

**ናይ ካሪታስ ማሕበር ንሰበኻ ኣቡን ማግደቡርግ e.V.** (IKZ – ባህሊ-ሰገራዊ ማእከል ምኽርን ምርኽኻብን)፥ traore@caritas-ikz-md.de፣ ንኣብነት 0391 40805-18 ወይ 0391 40805-17

ቋንቋታት፥ ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ሩስኛ፣ ዓረብኛ፣ ፍራንስኛ፣ ዲዩላ፣ ባምባራ፣ ሰርቦ-ክሮኣትሽ፣ ኣልባንኛ

- **ካልእ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ምኽሪ**

**ሓገዝ ውህደት ክፍለ-ሃገር Sachsen-Anhalt e.V.፥** beratung@mail.integrationshilfe-lsa.org, 0391/ 99 05 97 96 ወይ 0175/ 88 86 3 86

**ኣገልግሎት ምኽሪ ኣንፈት ኣብ einewelt haus ማግደቡርግ** (ጀርመንኛ፣ ዓረብኛ፣ እንግሊዝኛ)፥ orientierungsberatung@agsa.de፣ 0391/ 5371 242

**ኣገልግሎት ምኽሪ ንስድራታት - Meridian e.V.** (ጀርመንኛ፣ ሩስኛ፣ እንግሊዝኛ)፥ info@meridian-magdeburg.de፣ 0391/ 5371 296

**ዋዕላ ውህደትን ስደትን ናይ ክፍለ-ሃገር ርእሰ ከተማ ማግደቡርግ፥** integrationsbeirat@stadt.magdeburg.de ወይ Krzysztof.Blau@stadt.magdeburg.de፣ 0391/ 540 2382

**ስራሕ ማሕበራዊ ጉዳያት ውህደት፣ ጨንፈር ማሕበራውያን ጉዳያት፣ መንእሰያትን ጥዕናን** (ጀርመንኛ፣ ዓረብኛ፣ እንግሊዝኛ)፥ vielfalt-gestalten@magdeburg.de፣ 0391/ 540 6641 ወይ 0391/ 540 3450

- **ኣገልግሎት ምኽሪ ሕግታት ስራሕ፥**

**BemA – ኣገልግሎት ምኽሪ ናይ ዝተሰደዱ ሰራሕተኛታ**ት (ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፖልንኛ፣ ሩስኛ፣ ኡክራይንኛ፣ ሰርቦ-ክሮኣትሽ፣ ሩመንኛ)፥ bema@aul-lsa.de፣ 0159/ 01 38 09 03

- **ቋንቋዊ ምርድዳእ፥**

SiSA – ምምሕልላፍ ቋንቋ Sachsen-Anhalt (ብተሌፎን)፥ sprachmittler@lamsa.de፣ 0345 213 893 99

- **ሓገዝ ጎረባብቲ**

**ንኣብ ጉጅለ ርከሳ ኣትዮም ዘለው ሰባት ወይ ኣብ ኳራንተይን ዘለው ሰባት (ንኣብነት ንሓገዝ ምሽማት)፥**

ሓገዝ ጎረባብቲ ኣብ ማግደቡርግ፥ https፥//soli-statt-hamster-md.de/፣

ሆትላይን፡- 0391/ 5495840 ወይ 0391/ 540 4040